# ሓውልቲ ኮይንኹም ዘለኣለም ክበሩ

ተፈጢርካ ምሚት ነበረ ካብጥንቲ
ንሰብ ዝወረደ ንሓጢያት መቕፃዕቲ
ግናኸ ኣማዉታ እዞም ህፃዉንቲ
ዋዲኞ ኮነ ዘይተሓሰበ መፀፀቲ
ብሓደ በሊዕና ብሓደ ሰቲና
ብቋንቋ ብባህሊ ፈላዩ ዘይብልና
ቱኹሉ ተሪፉ ፅልኢ ይኸሽና
ኢሎም ምስመረፁ ኲናት ኣወጁልና
ገበርቲ ዘይንቡር ካበይ ተፈጠሩ
ሰላም ዘይፈትው ወትሩ ዘዕገርግሩ
ሕውነት ዘይደልዩ ጎረበት ዘየኸብሩ
ቀትሪ ምስማዕልቲ ዘእዉዩ ዝጭድሩ
ክንከይድ ኪዱታ! ሃገር ኢና ኩኑታ!
እዙይ ሃቡናታ! እንትብሉ እንኩታ!
በዚሑዎም ግዲ ንኹሉ እሺታ
ምሒር ሓንቂቖምስ ኣንዳዕድዑታታ
ይግረምኩም እንትብሉ ኣወጁታ ኲናት
ብቕድሚት ገዲፎም መፁታ ብድሕሪት
ወተሃደር ፈሪሖም መረፁ ቆልዑት
ኢድናያ ክጠውዩ ክኣስሩ ኩርንኩሪት
ተንኮል ዘይፈልጡ ብዘይካ ግርህነት
ኲናት ታይ ምዃኑ ዘይነበሮም ኣንፈት
ትምህርቲ ዉዒሎምስ ትፅቢቶም ጠዓሞት
ዋዲኞ ወዲቁዎም ተፈሪዱዎም ሞት
ቡንባታት ዘነበ ኣብልዕሊ ቤትትምህርቲ
ኣብዘይ ኣበሱታ ኣብቶም ህፃዉንቲ
ተባሂሉ እንትዝረብ ክረድእ ጎዬዬ
መንእሰይ ሓረነ ዓብዪ ጎሃዬ
ብዘይተሓሰበ ዕሽላት እንትሞቱ
ከተማ መቐለ ብቐትሩ ፀልሚቱ
ወለዲ ኣዕገርገራ ኣምሪረን በኸያ
ኣየ ዋይ ዋይ ኮነ ጨጉራተን ነፀያ
ትምኒት ወለድኹም ብነዊሑ ነይሩ
ስድራ ክሕብሕቡ እቶት ክእምርሩ
ዓቢኹም ክሪኡ ብተስፋ እንትፅዕሩ
ኩሉ ታሪኽ ኮይኑ ቀርዩ ብሓፂሩ
ዕፃኹም ካብኮነ ያ ነበሩ
ስማእታት ዓይደር በሉ ተዘከሩ
ሓውልቲ ኮይንኹም ዘለኣለም ክበሩ
ኣበሳ ዘይብልኩም ኣብገነት ንበሩ
ዓለም ይኾንኖ ይፍለጦ ሕማምና
ኣብካልኦት ከይድገም ዝወረደ ኣባና
ኣይፋሕጥሩና ክጠሉ ቁስልና
ኢዶም ይኣክቡ ይርሓቁ ካባና

ብርሃን ሃይሉ